

# ክርስትናን ሓዳርን

ብዶር ስብሃት ጠና

“ቤት ሳላ ጥበብ ይህነጽ፣” ምሳሌ 24፣3።
“ፍርሃት እግዚኣብሄር ንጥበብ መጀመርያኣ እዩ። ...” ምሳሌ 1፣7
“ሓደ ኻባኻትኩም ጥበብ እንተ ጐደሎቶ ግና፣ ነቲ ኸየስተሐፈረ ንኹሉ ብልግሲ ዚህብ ኣም ላኽ ይለምኖ፣ ኪውሃቦውን እዩ።” ያእ 1፣5

እዘን ዝጠቐስናየን ሰልስተ ጥቕስታት ኣንቢብና ኻብ እንርድኦ፣ “ጥበብ” ካብ ኣምላኽ ዝርከብን ምስ ኣምላኽ ከኣ ዘራኽበናን እዩ። ብሓፈሻኡ መሰረት ሓዳር ጥበብ እዩ፣ መሰረት ጥበብ ድማ ፍርሃት እግዚኣብሄር እዩ። ሓደ'ኳ ንፈጣሪ እሙን ኰይኑ እንተ ዘይጸንዐ፣ ቃል ንዝኣተወሉ ፍጡር ሰብ እሙን ኰይኑ ኪጸንዕ ዝድርኾ ምኽንያት የብሉን። ብኣንጻሩ ኸኣ፣ ንኣምላኽ እሙን ኰይኑ ዚርከብ ሰብ ንብጻዩ እውን እሙን እዩ።

ክልተ ሰባት ብሓዳር ንምቁራን ንርእሶም ክውፍዩ ኸለዉ፣ ብመጀመርያኡ ኣብ ነንሓድሕዶም ዘለዎም ምትእምማን ብምምርኳስ እዩ። ይኹን እምበር፣ ከም ፍጡር መጠን ሰብ ብጊዜን ብኹነታትን ንኽልወጥ ኺግደድ ዚኽእል ድኹም ምኳኑ ኣይተርፎን እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ እምበኣር ብዓቢኡ እምንቶኦም ኣብ ኣምላኽ ገይሮም ብሓዳር ንምቁራን ቃል ኪዳን ኣትዮም ናብራኦም ይጅምሩ ማለት እዩ። ክልቲኦም ንፍርሃት እግዚኣብሄር ቐዳምነት ዚህቡዎ እንተ ኾይኖም ድማ እቲ እምነቶም ካብ ነንሕድሕዶም ሓሊፉ ከም መልሀቅ ኣብ ኣምላኽ ይኸውን።

ኣመንቲ ብሓዳር ክቋረኑ ዝግብኦም ብእምነት ጥራይ ከም ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ዝምህሮ ሓቂ እዩ። ሓዳርም ኣብ እምነት ዝተሰረተ እንድሕሪ ኾይኑ፣ በቲ ዘለዎም ፍርሃት እግዚኣብሄር ተቐይዶም ኣብ ነንሕድሕዶም እሙናት ኰይኖም ኪነብሩ ኣየሸግሮምን እዩ።

ፍርሂ ኣምላኽ፣ ፍቕሪ እግዚኣብሄር፣ ወይ ድማ ኣብ ጐይታ እምነት ምግባር ገዛእ ርእሱ ዝኸኣለን ካብ ኵሉ ዝለዓለን ነገር እዩ። እዚ ኸኣ እተፍቅሮ ሰብ እንተ ጠለመካ ኣብ ኣምላኽካ ዘሎካ እምነት ክልወጥ የብሉን ማለት እዩ። ኣማኒት ንዝኾነት መርዓትካ ከተሐጒስ ኢልካ ካብ ኣምላኽ ምርሓቕ ወይ ንሳ ብኣኻ ምእንቲ ክትማረኽ ናብ ኣምላኽ ምቕራብ ግቡእ ኣይኰነን ጥራይ ዘይኰነስ ብፍጹም ጌጋ ዝኾነ መስመር እዩ። ኣብ ሓዳር ኣቲና ኣይኣቲና፣ ንሰብ ክነሕጒስ ኢልና ንኣምላኽ ምጒሃይ ወይ ድማ ንኣምላኽና ንፈርሆ ኢና እናበልና ንብጻይና ምጒሃይ ቅኑዕ ኣይኰነን። እግዚኣብሄር'ውን ኣይፈትዎን እዩ።

ነዚም ኣብ ላዕሊ ኣተንምቢህናዮም ዘሎና ነጥብታት ቅርብ ኢልና ኽነስተብህለሎም፣ ምሳሌታት ካብ ናይ ጥንቲ ኣቦታት ካብ ቃል ኣምላኽ ንውሰድ።

1. <u>ኣዳምን ሄዋንን</u>፣ ድሕሪ ኣብ ሓጢኣት ምውዳቖም እግዚኣብሄር ንኣዳም፣ “ቃል ሰበይትኻ ስለ ዝሰማዕካ እሞ ካብታ፣ ካብኣ ኣይትብላዕ፣ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦም ስለ ዝበላዕ ካ፣ ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን፣” ይብሎ። (ዘፍ 3፣17) ኣዳም ልዕሊ ቃል እቲ ዝፈጠሮ ኣምላኽ ንሰበይቱ ሄዋን ምስምዑን ምእዛዙን ቅኑዕ ከም ዘይነበረ ግሁድ እዩ። ሰብኣይን ሰበይትን ክሰማምዑን ክሓብሩን ከም ዘለዎም ርዱእ ኣኳ እንተኾነ፣ ሳዕቤን ቃል ኣምላኽ ዕሽሽ ምባል ብዙሕ ጉድኣት ከም ዘኸትል በዚ ግሉጽ እዩ።

2. <u>ኣብራምን ሳራይን</u>፣ ኣብቲ ኣምላኽ ዘተስፍዎም ዓዲ ከንኣን ጥሜት ምስ በርትዔ፣ ኣብራምን ሳራይን ብስደት ናብ ግብጺ ወረዱ። ሳራይ ጽብቕቲ ስለ ዝነበረት ብሰንካ ጒድኣት ከይበጽሖ ምእንቲ፣ ሓብቱ ደኣ

እምበር ሰበይቱ ምዃና ንኸይትነግር ኣብራም ንሳራይ ቃል ኣእተዋ (ዘፍ 12፥13)። እዚ ዓ ይነት ጥበራን ሓሶትን ድማ ደሓር'ውን ብወዱ ይስሃቅን ወዲ ወዱ ያእቆብን ከም ዝተደግመ እቲ ጽሑፍ ይነግረና እዩ። (ዘፍ 26፥7 ዘፍ 27፥19)

*ታሪኽ ኣብራምን ሳራይን ቀጺልና ምስ እነስተብህለሉ፡* "ሳራይ ከኣ ንኣብራም፡ እንሆ፡ ኣነ ኸይወልድ እግዚኣብሄር ዓጽዩኒ እዩ፡ ምናልባሽ ብእኣ እንተ ተፋሬኹ፡ በጃኻ ናብዛ ግዝእተይ እቶ በለቶ። ኣብራም ድማ ንቓል ሳራይ ሰምዐ።" (ዘፍ 16፥2)። ቀጺላ ድማ ኣብ ምዕራፍ 21 ጥቕሲ 10 እንተድኣ ርኢና ሳራይ፡ "... ነዛ ባርያ እዚኣን ንወዳን ኣውጽኣዮም፡" በለቶ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ኣብራም ንቓል ሳራይ ምስምዑ ጌጋ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር'ውን፡ ሳራይ ዝደለየቶ ምእንቲ ኽፍጸመላስ፡ "... ብኹሉ ሳራይ እትብለካ ዘላ ቓላ ስማዕ፡" ክብሎ ኸሎ ንርኢ። ይኹን እምበር፡ ብመጀመርያኡ ንቓል ሳራይ ብምስማዑ ዝገበሮ ጌጋ ኣሎ።

ሳራይ ወዲ ኽም እትወልድ እግዚኣብሄር ኣቐዲሙ ነጊርዎም ነይሩ እዩ። እቲ ጌጋኡ እምበኣር ንሳራይ ብምስምዑ ዘይኮነስ፡ እቲ ዝበለቶ ምስቲ እግዚኣብሄር ኢልዎም ዝነበረ ስለ ዝጋጮ እዩ። ንምግባሩ ግና ክልቲኦም ብሓደ ሰመሩ። ስለዚ ክልቲኦም ኣብቲ ነቲ እምነቶም ዘድክም ተሰማሚዖም። እምበኣር ፍርሃት እግዚኣብሄርን እምነትን እንተ ደኣ ኣልዩና ኣብዚ ከምዚ ኩነታትን እዋናትን እዩ ዝርአ።

3\. <u>*ሙሴን ጺጶራን*</u>*፡ ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ኣምላኽ ረቲዑዎ፡ ሙሴ ምስ ሰበይቱ ጺጶራን ምስ ደቁን ናብ ዓዲ ግብጺ ጉዕዞ ከም ዝጀመረ ኣብ ኦሪት ዘጸኣት ምዕራፍ 4፥20 ነንብብ። ካብኡ ቀጺልና ካብ ጥቕሲ 24 ክሳብ 26 ምስ ነንብብ ድማ ኣብ መገሻኦም ኣብ ሓደ መሕደሪ ኸለው እግዚኣብሄር ተራኺቡዎም ንሙሴ ኪቐትሎ ከም ዝደለየ ነንብብ። እቲ ኩነታት ስለ ዝተረድኣ ግና ጺጶራ ጽልጽለ ወሲዳ፡ ዕልቦ ወዳ ምስ ገዘረት፡ ናብ ኣእጋሩ ምስ ደርበየቶ "ንስኻ ንዓይ ናይ ደም መርዓዊ ኢኻ፡" በለት፡ ካብኡ ኸኣ ኣልገሰ ይብል።*

*እምበኣር ንዓይ ከም ዝርድኣኒ፡ ጌርሾን ብዀሪ ወዲ ሙሴ ክሳብ እዚ እዋን እዚ ከም ዘይተገዝረ እዩ። ሙሴ ነቲ እግዚኣብሄር ነቦታቱ ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዝሃቦም ናይ ግዝረት ቃል ኪዳን ኣጸቢቑ ይፈልጦ ነይሩ እዩ። ጺጶራ ግና ጓል ካህን ምድያም ስለ ዝኾነት ካብ ወለዶ ኣብርሃም ኣይነበረትን። ሙሴ ግና እቲ ቓል ተኣዚዙ እቲ ግቡእ ኽፍጽም ከም ዝነበሮ ብሩህ እዩ። ግና ምናልባሽዶ፡ ጌርሾን ብሻሙነይቲ መዓልቲ ኸይግዘር ንሳን ስድርኣን ስለ ዝኸልከሉ ይኸውን? እሞ ሙሴ ኸኣ ንዕኦም ከፍቱ ኢሉዶ ንቓሎም ሰሚዑ? ቅድሚ ንህዝቢ እስራኤል ካብ ባርነት ምውጽኦም ስድራ ቤት ሙሴ ቃል ኣምላኽ ክእዘዙ ግዴታኦም እዩ ነይሩ። ሙሴ ኸኣ ይፈልጥ ነይሩ እዩ።*

ንዝተመርዓና ይኹን ገና ንዘይተመርዓና ብዙሕ ፈተና ከም ዘጋጥመና ርግጽ ነገር እዩ። ይኹን እምበር፡ ንሰብ ኸነሐጒስ ኢልና ንኣምላኽና እንተ ኣሕዘንናዮ ኣይከኣቕንዓልናን እዩ። እቲ ፈታኒ ግና "እንጌራ ስርቂ ጥዑም፡" ከም ዝኾነ፡ ብጥበራ ዝግበር ነገራት ድማ ብቐልጡፍ ከም ዚሳለጥ ኣምሲሉ የርእየና። ውሳኔ ሙሴ ኣይንረስዕ፡ "ካብ ንጊዜኡ ብሓጢኣት ባህ ዝብሎስ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ኺጸግብ ሓረየ።" (እብ 11፥25) ቅድሚ ሓዳር ምግባር ፍቕርኻ ንምግላጽ ዝግበር ናይ ግብረ ስጋ ግብርታት ኰነ ድሕሪ መርዓ ፍርሃት እግዚኣብሄር ዝጐደሎ ናብራ ንግዜኡ እኳ ባህ ዘብል መሲሉ ንስምዒት እንተ ኣርወየ፡ ግናይ ሳዕቤን ከም ዘለዎ ኣይንረስዕ።

> "... ንርእሰኻ ግና ኣምልኾ ኣልምዳ። እቲ ስጋዊ ምልማድ ንቕሩብ ነገር እዩ ዚጠቅም፡ ኣምልኾ ግና ንዂሉ ይጠቅም፡ ነዛ ሕጂ ዘላ ህይወት እዚኣን ነታ እትመጽእን ከኣ ተስፋ ኣለዎ።" (1ይ ጢሞ 4፥7-8)